# ዘናዊ ጸብጻብ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**30.1.2005**

### 1. ጸብጻብ ህዩማን ራይትስ ዎች
**ጥሪ 2005**

ብሰንኪ ዶባዊ ምስሕሓብ ምስ ኢትዮጵያ እናዓበየ ዝመጽእ ዘሎ ስግኣትን ኣጋጢሙ ብዘሎ ዓጸቦን እትሳቐ ዘላ ኤርትራ፡ ካብ መንግስቲ ወጻኢ ዘለዋ ናይ በርጌስ፡ ናይ ፖለቲካ፡ ናይ ማሕበራዊ ጉዳይን ከምኡውን ውሑዳት ተኸተልቲ ዘለወን ናይ ሃይማኖት ትካላት ብምእጋድ፡ ብዝለዓለ ደረጃ መድቀስቲ ወይ መጽቀጥቲ እተካይድ ሃገር ኰይና ኣላ።

ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ዝካየድ መድቀስትን ዘይሕጋዊ ማእሰርትን፡ ኤርትራ ብሓደ ሰልፊ ጥራሕ እትመሓደር ሃገር ኰይና፡ ብጀካ ህግዲፍ ህላዌ ካልእ ሰልፊ ፍቑድ ኣይኮነን። ብዘይ ናይ መንግስቲ ፍቓድ፡ ካብ ሸውዓተ ሰብ ንላዕሊ ምእካብ ክልኩል እዩ። ኤርትራ ካብ ኢትዮጵያ ኣብ 1991 ናጽነታ ድሕሪ ምጉንጻፋ፡ ሃገራዊ ምርጫ ኣየከየደትን። ኣብ 1997 ንኽካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ሃገራዊ ምርጫ፡ ብሰንኪ ምስ ኢትዮጵያ እተኻየደ ዶባዊ ኩናት ተቓሪጹ። ኣብ 2001 ክልተ ዓመት ድሕሪ ምዝዛም ኩናት፡ ከም እንደገና ሃገራዊ ምርጫ ተሰሪዙ። ኣብ መጻኢ መዓስ ክካየድ ምዃኑ እተታሕዘ መደብ የለን። ኣብ 2004 ናይ ዞባ ኣባላት ባይቶ ምርጫ ዋላኳ እተገብረ እንተኾነ፡ እቲ ባይቶ ስልጣን የብሉን።

ኣብ 1997 በርጌሳውን ፖለቲካውን መሰላት ንኽሕብር ተባሂሉ ብቕዋማዊ ባይቶ ረቝቑ ብረፈረንደም ዝጸደቐ ሃገራዊ ቅዋም ንምትግባሩ መንግስቲ ሓንጊዱ። ቅዋም ኤርትራ፡ ምልኪ ናይ ስልጣን ይኽልክል እሱራት ጉዳዮም ኣብ ቤት ፍርዲ ግሉጽን ፍትሓውን ብዝኾነ ኣገባብ ንኽረኣየሎም መሰል ይህብ፡ ብሓርነት ናይ ምዝራብን ምጽሓፍን መሰል ይጣበቕ፡ ብሰለማዊ መንገዲ ኣኼባታት ምክያድ፡ ፖለቲካዊ ማሕበራት ምቛምን ዝኾነ ኤርትራዊ ብናጽነት እምነቱ ከካይድን የፍቅድ። ኣብ 2001 ብዙሓት ውልቀ ሰባት ምስ ሰቦም ክረኸብሉ ኣብዘይክእሉሉ ሕቡእ ኣብያተ ማእሰርቲ ተቐይዶም ኣለዉ። 18 መስከረም 2001 ዓሰርተ ሓደ ሰብ መዚ ህግዲፍ፡ ዲሞክራስያዊ ጽገና ክግበር፡ እቲ ኣብ 1997 ዝጸደቐ ቅዋም ክትግበር ዝጠልብን ነቲ መሪሕነት ዝነቕፍን ደብዳበ ናብ ፕረ/ኢሳያስ ድሕሪ ምልኣኾም ተኣሲሮም። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን፡ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መጺሔታትን ብምዕጻው፡ መንግስቲ ንኣዳለውተን ኣሲሩ። ካብ መስከረም 2001 ንነጀው፡ ምስ ተቓወምቲ ርክብ ኣለኩም ወይ ናቶም ሓሳብ ትድግፉ ኢኹም ወይ ካብ ናይ መንግስቲ መርገጺ ዘምቢዕኩም ብዝብል ምኽንያት ብዙሓት ኤርትራውያን ተኣሲሮም ኣለዉ። ዋላኳ ፕረ/ኢሳያስ ነዞም ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ዘለዉ ከድዓትን ሰለይትን ኢሉ እንተ ኸሰሶም፡ እቲ መንግስቲ ኣብ ቤት ፍርዲ ወይ ኣብ ተመሳሳሊ መጋባእያ ከቕርቦም ድሌት የብሉን። ብመሰረት ናይ ገበን መቕጽዒ ሕጊ ኤርትራ፡ ዝኾነ እሱር ብዘይ ክሲ ልዕሊ 30 መዓልቲ ክእሰር ኣየፍቅድን። ኮምሽን ኣፍሪካ ንሰብኣዊ መሰላት ዝጣበቑ ዓንቀጻት 2፡6፡7(1)ን ዓንቀጽ 9(2) ቻርተር ኣፍሪቃ ብምጥሓሳ ንኤርትራ ብምኽሳስ፡ ኣብ 2001 እተኣስሩ ሰበስልጣን መንግስቲ ብህጹጽ ንኽፍትሑ ተማሕጺኑ። ስልጣንካን ተጠቒምካ ምእሳርን ብዘይፍርዲ ንነዊሕ ግዜ ምቕያድን ስልጣንካ ተጠቒምካ ምእሳርን ብዘይ ፍርዲ ንነዊሕ ምቕያድን ኣብ ልዕሊ ሰበስልጣን መንግስትን ጋዜጠኛታትን ጥራይ እተሓጽረ ኣይኮነን። ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ዝነበሩ 350 ስደተኛታት፡ ኣብ 2002 ካብ ማልታ ኣብ 2004 ድማ ካብ ሊብያ ናብ ሃገሮም ድሕሪ ምጥራዞም፡ መንግስቲ ኣሲርዎም ኣሎ። እዞም እሱራት፡ ኣብ ገምገም ቀይሕ ባሕርን ኣብ ደሴታት ዳህላክን ዝርከብ ሕቡእ ኣብያተ ማእሰርቲ ተዳጕኖም ኣለዉ። ካልኦት ማእሰርትን ኣካለዊ ምስቓይን ዝጽበዮም ዝነበረ 75 ካብ ሊብያ እተጠረዙ ኤርትራውያን፡ ነታ ተሳፊሮሙላ ዝነበሩ ነፋሪት ብምጭዋይ ኣገዲዶም ሱዳን ኣዕሊቦማ።

ኣብ 2001 ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ድሕሪ ምዕጻወን፣ መንግስቲ ንምንጪ ሓበሬታ ገቢቱ ሒዝዎ ኣሎ። ኣብ 2003 ብተልእኾ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን (ኣንሚ) ዝዓያ ዝነበራ ናይ ሓበሬታ ማእከላት ንምዕጋት መንግስቲ ሓለዋ ኣዋፊሩ። ጸኒሑ፣ እዘን ናይ ሓበሬታ ማእከላት ኣድላይነት ዘይብለንን ገለ ዘመሓላልፍኦ መልእኽቲ ንትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ዘይቀዱን'ዩ ብዝብል ምኽንያት መንግስቲ �፝ኽዕጸዋ ሓቲቱ። ኣብ 2004 እቲ እንኮ ኣብ ኤርትራ ተሪፉ ዝነበረ ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛ ካብታ ሃገር ተባሪሩ።

ኣብ 2004 ንዜጋታቱ ንምንጻልን ናይ ሓበሬታ ዋሕዚ ንምግታእን ናይ ኢንተርነት ኣገልግሎት ዝህባ ትካላት(Internet Cafes) ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር መንግስቲ ከምዝኣትዋ ገይሩ። መንግስቲ ነዚ ስጉምቲ ዝወሰድኩ፣ ተጠቀምቲ ኢንተርነት ናይ ብዕልግና መርበባት ኸይጥቀሙ ንምክልኻል'የ ክብል ይገልጽ። ብተወሳኺ ናይ ወጻኢ ሃገር ዲፕሎማሰኛታት ብዘይ ፍቓድ መንግስቲ፣ ካብ ከተማ ኣስመራ ወጻኢ ኸይንቀሳቐሱ ተሓቢሮም ኣለዉ። ዓቃብ ሰላም ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ወተሃደራትን ተዓዘብትን ንምንቅስቓስ ኣብ ማእከልን ምዕራብን ኤርትራ ንዝርከብ ቀንዲ ጽርግያ ኸይጥቀም ተኸልኪሉ ኣሎ። እዚ ጽርግያ ንቐንዲ ከተማታት ኤርትራ ሰንጢቑ ዝሓልፍ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ንኤርትራ ምስ ወጻኢ ዘራኽብ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ውሑዳት ተኸተልቲ ዘለወን ናይ ሃይማኖት ጉጅለታት ዝፍጸም ጸቕጢ፥ ኣባላት ተኸተልቲ ጴንጠቆስጠ፣ መጽሓፍ ቅዱስ ብምሓዞም ወይ ብሓባር ጸሎት ኣካይድኩም ተባሂሎም ይእሰሩ። ኣብ 2002 መንግስቲ ብዘይካ ተዋህዶ፣ ካቶሊክ፣ ወንገላዊትን ምስልምናን ካልኦት ናይ ሃይማኖት ትካላት ዓጽይወን። እሙናት ምንጭታት ከምዝሕብርዎ፣ ኣብ መወዳእታ ናይ 2004፣ 300 ዝኾኑ ኣባላት ናይተን ተዓጽየን ዘለዋ ኣብያተ-ክርስትያናት ተኣሲሮም ኣለዉ። እዞም ዝእሰሩ ዘለዉ ክርስትያን፣ መጀመርያ ክትሓዙ ከለዉ ከምዝህረሙ ወይ ድሕሪ ምእሳሮም ኣካላዊ ምስቓይ ከምዝወርዶም ተፈሊጡ ኣሎ። ብፍላይ ኣተሓሕዛ ናይ መሰኻክር ጅሆቫ እቲ ዝኸፍአ'ዩ። እቲ ሕጊ፣ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ንኽሳተፍ ፍቓደኛ ዘይኮነ ዜጋ፣ ልዕሊ 3 ዓመት ክእሰር ዘየፍቅድ ዋላኳ እንተኾነ፣ ገለ ካብዚኦም ንልዕሊ 10 ዓመት እተኣስሩ ኣለዉ። ሃይማኖታዊ ዘይተጻዋርነትን፤ ኣብተን ውሑዳት ተኸተልቲ ናይ ሃይማኖት ጉጅለታት ዘሎ ሕማቕ ኣተሕሕዛን ኣመልኪቱ፣ ኣብ 2004 መንግስቲ ኣመሪካ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፣ ኤርትራ ናይ እምነት ሓርነት ዘይተኽብር ሃገር ክብል ጠቒስዋ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ እዘን ወግዓውነት ዘይረኸባ ናይ ሃይማኖት ትካላት እተዓጽዋ ስለዘይተመዝገባ እየን ኢሉ ንተግባራቱ ይከላኸል። ይኹን ደኣምበር፣ ብመሰረት ጸብጻብ መንግስቲ ኣመሪካ እዘን ናይ ሃይማኖት ትካላት ኣብ 2002 ንኽምዝገባ ኣመልኪተን ምንባረን ይፍለጥ።

ሃገራዊ ኣገልግሎት ኩሉ ኣብ መንጎ 18ን 45ን ዕድመ ዝርከብ ኤርትራዊ፣ ንኽልተ ዓመት ናይ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡእ ክፍጽም ይግደድ። ይኹን ደኣምበር፣ ብግብሪ ኣገልግሎት ዝወሃበሉ ዓ መታት ይናዋሕ ኣሎ። ካብ ኣገልግሎት ንዝሃድሙ ንምሓዝ ብቐጻሊ ግፋ ይካየድ። ሕዳር 2004 ኣብ እተኻየደ መጠነ ሰፊሕ ግፋ፣ ኣብ ዓዲ ኣቤቶ ተዳጉኖም ዝነበሩ ኡሱራት ገለ ክፋል ናይቲ ተኣሲሮሙሉ ዝነበሩ መንደቕ ብምፍራሶም፣ ሓይልታት ጸጥታ ናብዞም በማእት ዝቑጸሩ እሱራት ብዘዝነብዎ ኣድራጋ ጠያይት ክሳብ 20 ዝኾኑ ክሞቱ እንከለዉ፣ ካልኦት ብዙሓት ድማ ቆሲሎም። መንግስተ፤ ንፖሊሲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ምቅዋም ከም መቕጽዒ ይጥቀመሉ። ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘምልጡ ብተደጋጋሚ ኣካላዊ ምስቓይ ይወርዶም። ኵነታት ኣብያተ ማእሰርትን ዝወርድ ኣካላዊ ስቅያትን ብሰንኪ ዝውሰኽ ዘሎ ቍጽሪ እሱራትን፣ ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ኮንተይነራት ከም ዝእሰሩ ይግበር ኣሎ። ኣብ ጥቓ ሳዋ ኣደርሰር ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ቦታ፣ ኣብ ትሕቲ መሬት እተኣስሩ ኣለዉ። ብተወሳኺ ኣብ 2003 ሽዱሽተ ናይ ካልኣይ ደረጃ ተመሃሮ፣ ሳዋ ኣብ ዝርከብ ሕቡእ ናይ ትሕቲ መሬት ቤት ማእሰርቲ ከም እተኣሰሩ ተፈሊጡ ኣሎ። ኣብ ርእሲቲ ዝግበር ናይ ስነኣእሙራዊ ምስቓይ፣ ኣብ ገለ ኣብያተ ማእሰርቲ ኣካላዊ ምስቓይ ከምዝፍጸም ካብ ማእሰርቲ ዘምለጡ ይሕብሩ። እሱራት ኣብ ገረብ ኢዶም ንድሕሪት ተኣሲሮም ኣልማዝ ብዝብለ ኣገባብ መቕጻዕቲ ይሳቐዩ። ብተወሳኺ፣ ቁልቁል ኣፎም ተደፊኦም ኩርንኩሪት ኢዶምን እግሮምን

ኣላጊብካ ብምእሳር ሄልኮፕተር ተባሂሉ ብዝፍለጥ ናይ መቐጻዕቲ ኣገባብ ኣካላዊ መጉዳእቲ ይወርዶም።

ምስ ኢትዮጵያ ዘሎ ዝምድና፡

ካብ 1998 ክሳብ 2000 ኩናት ድሕሪ ምክያዱ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጉዳይ ዶብ ብዳይንነት ክፍታሕ ድሕሪ ምስምምዐን ኩናት ደው ኢሉ። ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ 2003 መበገሲ ናይቲ ኩናት ዝነበረት ባድመ ንኤርትራ ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኢትዮጵያ ነቲ ውሳነ ነጺጋቶ። መንግስቲ ኤርትራ ኩናት ዳግማይ ክውላዕ ተኽእሎ ኣሎ ብዝብል ምኽንያት፡ ሃገራዊ ምርጫ ከምዝመሓላለፍን ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምዝናዋሕን ይገብር ኣሎ። ኤርትራ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ብኮምሽን ዶብ እተዋህበ ውሳነ ኢትዮጵያ ኾትትቅበል ብዘይምግዳዱ ትወቅስ። ኣብ 2004 ጉዳይ ዶብ ኾክፈትሕ ብዋና ጸሓፊ ው.ሕ.ሃ እተመዘዘ ፍሉይ ልኡኽ ኤርትራ ኣይተቐበለቶን።

ተራ ማሕበረሰብ ዓለም፡

ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ 25 ኪ.ሜ ዝንውሓቱ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘሎ ናይ ጸጥታ ዞባ፡ 4000 ሰራዊት ኣዋፊሩ ኣሎ። ብተወሳኺ፡ ባይቶ ጸጥታ ው.ሕ.ሃ ኣብ መስከረም 2004 ተልእኾ ኣንሚ ክሳብ መጋቢት 2005 ክናዋሕ ወሲኑ ኣሎ። ማሕበረሰብ ዓለም መግብን ካልእ ሰብኣዊ ረዲኤትን ንኤርትራ ይሕግዝ። ኤርትራ ብሰንኪ ዘለዋ ዘሰንብድ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ መሰል፡ እትረኽቦ ካልእ ሓገዝ ኣዝዩ ዉሑን እዩ። ኣውሮጳዊ ተበግሶ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰልን ብዝብል መደብ፡ ኣውሮጳዊ ሕብረት ኣብ ርእሲቲ ንቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ክሳብ 2007 ክልግሶ መዲብዎ ዘሎ 96 ሚልዮን ዶላር፡ ቅጽሩ ብወግዒ ዘይተገልጸ ገንዘብ ከምዝሕግዝ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣውሮጳዊ ሕብረት ዝህቦ ሓገዝ፡ ኣብቲ መንግስታት ሰብኣዊ መሰል ንምምሕያሽ ዘርእይኦ ድሌት ዝምርኮስ ምዃኑ ይገልጽ።

ኤርትራ ኣብ 2001 ዝኣሰረቶም ክልተ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኤምባሲ ኣመሪካ ምፍታሕ ብምእባያ፡ ኣመሪካ ንኤርትራ እትህባ ዝነበረት ሓገዝ ጠጠው ኣቢላቶ ኣላ። ሓፈሻዊ ኩነታት መንግስቲ ኣመሪካ ካብዚ ጉዳይ ክግለል ዝደሊ እኳ እንተመሰለ፡ ሰበ ስልጣን ምክልኻል መንግስቲ ኣመሪካ ኤርትራ ኣሸበርቲ ንምውጋእ እትህቦ ደገፍ ከምዘደንቕዎ ብተደጋጋሚ ይገልጹ ብምባል ሁይማን ራይት ዎች ጸብጻቡ ይድምድም።

## 2. ኣብ ኤርትራ 60 ሰዓብቲ ክርስትና ተኣሲሮም

ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ በዓል ሓድሽ ዓመት ንምጽንባል ኣብ ገዛ መራሒኦም ተኣኪቦም ዝነበሩ 60 ዝኾኑ ክርስትያን ተኸተልቲ ሬማ ከም እተኣስሩ፡ ናይ ዜና ጸብጻባት ካብ ኣስመራ ሓቢሮም።

5 ጥሪ ዝወጸ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ፡ ፖሊስ ኤርትራ ን36 ደቂ ኣንስትዮን 24 ደቂ ተባዕትዮን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዮዎም ኣሎ። ካብዚኦም እቶም 5 ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ምዃኖም ብተወሳኺ ተፈሊጡ ኣሎ። ነቲ ዕድመ ካብ ዘእንገዱ ሓንቲ፡ ለተንስአ ዑቕባሚካኤል እተባህለት 4 ጥሪ ዋላኳ እንተተፈትሐት፡ እቶም ዝተረፉ ምስ ሰቦም ክሪኽብሉ ኣብዘይክእሉሉ፡ ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ኣስመራ፡ ኣብ ዝርከብ ማይ ስርዋ ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ መዓስከር ተዳጉኖም ኣለዉ።

ቅድሚ 3 ወርሒ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ፡ ኤርትራ ናይ እምነት ሓርነት ዘይብላ ሃገር ኢሉ ድሕሪ ምርቂሑ፡ እቲ ቁጽጽር ክምዝሓየለ፡ ካብ ኣስመራ እተረኽቡ ጸብጻባት ይሕብሩ። ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ “መንግስቲ ኤርትራ ናይ እምነት ሓርነት ዘኖኽብር ስርዓት ኢዩ” ዝብል መግለጺ ድሕሪ ምዝርግሑ፡ ኣተሓሕዛ ናይተን ኣብ ኤርትራ ዝርከባ ዉሕዳት ተኸተልቲ ዘለወን ናይ እምነት ጉጅለታት እንዳንቀልቀለ ከምዝኸደ ተፈሊጡ ኣሎ። ብመሰረት ጸብጻብ መንግስቲ ኣመሪካ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ጴንጠቆስጠን ካልኦት ናይ

ተሃድሶ ምንቅስቓስ ዝገብሩ ነጻ ወንገላውያን ጉጅለታት፡ መጥቃዕትታት የውርድን ይኣስርን ኣሎ። ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ'ዞም ሰዓብቲ ክርስትና ምስቓይ ከምዝፍጸምን እምነቶም ክቕይሩ ብሓይሊ ከምዝግደዱን እቲ ጸብጻብ የቃልዕ።

ኣብ 2004 መንግስቲ ኩለን ሃይማኖታት ንኽምዝገባ ኣዋጅ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ካብተን 4 ናይ እምነት ጉጅለታት ወጻኢ ዝርከባ ካልኦት ኩለን ንኽዕጸዋ ከም እተገብረ፡ እዚ ጸብጻብ ይሕብር። ጸብጻብ መንግስቲ ኣመሪካ ክሳብ እተዘርገሓሉ እዋን፡ መንግስቲ ኤርትራ ነዘን ናይ ሃይማኖት ጉጅለታት ፍቓድ ከምዝኸልከለን ከምዝዓጸወንን ሃይማኖታዊ ኣኼባታት ንኸየካይዳ ከም ዝኣገደንን እቲ መግለጺ ሓቢሩ። ክሳብ ሕጂ፡ ብሰንኪ እምነቶም ልዕሊ 400 ክርስትያን ተኣሲሮም ከምዘለዉ ተፈሊጡ ኣሎ። መንግስቲ ኤርትራ ብወ'ገኑ ነዚ ጥርዓናትዚ ኣሉታ ኢዩ ዝህበሉ።

ኣብ ኤርትራ ናይ ቢቢሲ ወኪል ዜና ዝነበረ ጆናህ ፊሸር “እቲ መንግስቲ፡ ገለ መዐቀንታት ዘየማልእ ሰብ፡ ናይ ህዝብን ሃገርን ጸላኢ እዩ ኢሉ ክጥቅዖ ዝወሰነ ዝመስል” ክብል ገሊጹ። “ንኣምላኽ ዝለዓለ እምነት ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ገለ ሸነኽ ናይቲ መንግስቲ ትእዛዝ ዘይቅበሉን ፍቕሪ ሃገር ዘይብሎምን ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ዝብል ፍርሒ ብወገን መንግስቲ ኣሎ ክብል ውን ጆናህ ፊሸር ኣረዲኡ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ብዕለት 15 መስከረም ዝወጸ ዓመታዊ ጸብጻብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኣመሪካ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ኤርትራ ኣብ ዓለም ናይ ሃይማኖት ናጽነት ብዝለዓለ ደረጃ ካብ ዝግህሳ ሃገራት ኰይና ተረኺባ ኣላ ክብል ከነዝ ቻን ብ15 ጥሪ 2005 ጸብጺቡ።

## 3. ኣብ ኤርትራ ግፍዒ ብዝለዓለ ደረጃ ይቕጽል ኣሎ

ኣብ ቀረባ ዓመታት፡ ኤርትራ ብደረጃ ዓለም ኣብ ልዕሊ ሃይማኖታዊ ሓርነት ዓመጽ ብምክያድን፤ ንሰዓብቲ ክርስትና ብምግፋዕን ቀንዲ ኰይናላ፡ ክብል ኣብ 115 ሃገራት 150 ሚልዮን ሰዓብቲ ዘለውዎ ኮምሽን ሃይማኖታዊ ሓርነት (Religious Liberity commision) ሓቢሩ።

ልዕሊ 400 ዝኾኑ እተፈላለየ ዕድመ ዘጠቓልሉ ኣመንቲ፡ ኣዝዩ ኣብ ዘስካሕክሕ ኣብያተ ማእሰርቲ ተቐይዶም ምህላዎም፤ እቶም ደሃይ ዘይብሎም ድማ ኣብ ሕቡእ ቤት ማእሰርትን ጽምዋ መሐበስን ተኣሲሮም ከምዘለዉን፤ ዝተረፉ ከኣ፡ ከም ውጽኣት ዝኣመሰሉ ተላገብቲ ሕማማት ኣብ እተጠቕዑ ኮንተይነራት ብጻዕቂ ተዳጉኖም ኣለዉ ክብል እዚ ብኮምሽን ሃይማኖታዊ ሓርነት ዝፍለጥ ናይ ወንጌላውያን ማሕበር፡ ኣብቲ (Religious Prayer Bulletin) ተባሂሉ ዝፍለጥ ሃይማኖታዊ መጽሔቱ ኣቃሊዑ። ወንጌላዊ እምነቶም ንኽቕይሩ ሰበስልጣን መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ኣካላዊ ምስቓይ ከምዝፍጽሙ፡ ናይዚ ማሕበር መግለጺ ብተወሳኺ የረድእ።

ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ እተገብረ ፍጻመ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ብዕለት 31 ታሕሳስ ኣብ ገዛ ናይ ሓደ ፓስተር በዓል ሓድሽ ዓመት ንምጽንባል ተኣኪቦም ዝነበሩ 60 ተኸተልቲ ሬማ ከም እተኣስሩ ተፈሊጡ ኣሎ። ዋላኳ በዓልቲ ቤት ናይቲ ፓስተር ንጽቢሒቱ እንተተለቀት፡ እቶም ዝተረፉ ኣብ ሰሜናዊ ሸነኽ ኣስመራ ኣብ ዝርከብ ማይ ስርዋ ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ወተሃደረዊ መዓስከር ተኣሲሮም ኣለዉ ክብል ናይቲ ካምፓስ ዳይረክተር ኣፍሊጡ።

ብተወሳኺ ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሙሉ ወንጌል ዝለዓለ መዝነት ዘለዎም ኣቶ ሃይለ ናይዝግን ዶክ. ክፍለ ገብረመስቀልን ከምኡውን ናይ ሬማ ወንጌላዊት ቤተክርስትያን ፓስተር ዝኾነ ኣቶ ተስፋጽዮን ሓጎስ ሃለዋቶም ኣይተፈልጠን። ይኹን ደኣምበር፡ ኣብ ሕቡእ ኣብያተ ማእሰርቲ ተቐይዶም ከይሃለዉ ኣይተርፉን ዝብል ግምት ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ፡ ካብ ዝሓለፈ ግንቦት ሄለን ብርሃነ እተባህለት ህብብቲ ዘማሪት፡ ኣብ ማይ ስርዋ ኣብ ዝርከብ መዓስከር ኣብ ኮንተይነር ኣብ ጽምዋ መሓበሲ ተኣሲራ ከምዘላ ምንጭታት ይሕብሩ።

መስከረም 2001 ፕረ/ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ካብኡ እተፈልየ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዘለዎም ዜጋታት ስጉምቲ ድሕሪ ምውሳዱ፣ ንናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ብምዕጻው ዉጽዓት ድምጾም ዘስምዕሉ ጎረሮ ከም ዝለኸመቶ፣ ኮምሽን ሃይማኖታዊ ሓርነት ይገልጽ። ብተወሳኺ፣ ኣብ ግንቦት 2000 ፕረ/ኢሳያስ ኣፍወርቂ ብዘይካ ኦርቶዶክስ፣ ካቶሊክ ወንጌላዊት ኣብያተ-ክርስትያናት ንዝተረፉ ካልኦት ኣብያተ-ክርስትያናት ኣጊድዎም። እዚ ድማ ብሽሓት ንዝቑጸሩ ኣመንቲ ብኣሉታ ጸሊዎም ኣሎ። ምስዘን ተኣጊደን ዘለዋ ናይ ሃይማኖት ትካላት ምትእስሳር ዘለዎም ሰባት፣ ኩሉ ዓይነት ሃይማኖታዊ ንጥፈታት ማለት መጽሓፍ ቅዱስ ምንባብ፣ ኣብ መንበሪ ኣባይቲ ስብከት ምክያድን ብሓባር ጸሎት ምግባርን ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ብተወሳኺ ናይዘን ኣብያተ-ክርስትያናት ፓስተራት ብፖሊስ መዓ ልታዊ ጽዑቕ ምክትታል ከምዝግበረሎም ይሕበር። ክርስትያን ኒውስ ሰርቭስ፣ ኣመነሲቲ ኢንተርናሽናል፣ ሁይማን ራይት ዎችን ቢቢስን ኣብ ኤርትራ ክርስትያን ይጋፍዑ ምህላዎም ዘረጋግጽ ጸብጻባት ምምሕልላፈን ዝዝከር ኢዩ።

ወጻኢ ጉዳያት መንግስቲ ኣሜሪካ፣ ብምግሃስ ሃይማኖታዊ ሓርነትን ብምግዳብ ናይ እምነት ናጽነት፣ ኤርትራ “ናይ እምነት ሓርነት ዘይተኽብር” ኢሉ ኣብ መዝገብ ምስፋሩ ኣገዳስነት ዘለዎ እዩ ክብል ከነዞ ቓን ብ12 ጥሪ ዘውጽኦ ጽሑፍ ጸብጺቡ።

## 4. መቓልሕ ኣዉያት ኤርትራውያን

ኤርትራ ኣብ ማልታ ሕማቕ ተዘክሮ እዩ ዘለዋ። ኣብዛ ብርህርሁነታን ሕያውነታን እትፍለጥ ደሴት ማልታ፣ መጸናንዒ ዝሰኣኑ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኤርትራውያን ክንዝክር እንከለና ነብስና ቀጥቀጥ ይብለና። ኤርትራ፣ ኣብ መንጎ ሱዳን፣ ኢትዮጵያ፣ ጅቡትን ቀይሕ ባህርን እትርከብ ሐጺር ናይ ናጽነት ታሪኽ ዘለዋ ሃገር ኰይና፣ ኣብ ዉሽጣን ጎረባብታን ናይ ኩናት ፖሊሲ ብምትግባር ፍሉይ ተፈላጥነት ኣለዋ። ብሰንኪ ናይ ምግፋፍ ዓሳ ይግባኒ ሕቶ ምስ የመን ኣብ ባሕሪ፣ ብሰንኪ ዶባዊ ምስሕሓብ ብምድሪ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ኩናት ክትህሉ እንከላ፤ ብሰንኪ ዚግበሩ ሃንደበታውያን ሰልኩታት ምስ ጅቡቲ ፤ ብሰንኪ ስደተኛታት ምስ ሱዳን ኣብ ሕማቕ ኩነታት ትርከብ። ይኹን'ምበር፣ እቲ ዝኸሸፍአ ጭካነ ኣብ ዉሽጢ ኤርትራ እዩ ዝፍጸም። እቲ ሰብኣዊ መሰል ንኽሕሉ ዝጸደቐ ቅዋም ልዕሊ ሸውዓተ ዓመት ገይሩ ኣሎ። እንተኾነ ግን፣ ኣብ ወረቐት ሰፊሩ ብዘይ ፋይዳ ተሪፉ። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት 11 ኣባላት ባይቶ ተኣሲሮም። ክሳብ ሕጂ ድማ ዕጭኦም ኣይተፈልጠን። ገበኖም መንግስቲ ብጎደና ዲሞክራሲ ንኽጉዓዝ ብምጥላቦም እዩ። ኣምባሳደር ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ፣ ብዛዕባ እቶም እናሻዕ ብመንግስቲ እናተጨውዩ ዝሐቑ ኤርትርውያን ብድፍረት ምርመራ ክግበር ብምጥላቡ፣ ዘይተደላይ ሰብ ተባሂሉ ወግዓዊ ብዘይኰነ ኣገባብ ካብታ ሃገር ተባሪሩ። 13 ጋዜጠኛታት ክእሰሩ እንከለዉ፣ ሐደ ካብዚኦም ናይ ሽወደን ዜግነት ዘለዎ ተጨውዩ ድሕሪ ምዉሳዱ ኣብ ፍርዲ ኣይቐረበን። ብሰንኪዚ፣ ኤርትራ ንጋዜጠኛታት ሐደገኛ ሃገር ተባሂላ ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ምስርዓ ዘገርም ኣይኰነን። ኣባል ሽማግለ ሰብኣዊ መሰል ከም ምኺነይ መጠን፣ ኣብ ኤርትራ ስርዓተ ሕጊ ከምዘየለ ንባይቶ ኤውሮጳ ከቕርብ ተመሪጸ ኣለኹ። እቲ "ብዙሓት መንእሰያት ካብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከምልጡ ካብ ኤርትራ ከም ዝሃድሙን፣ ካብዚኦም ካብ ማልታን ሊብያን ናብ ሃገሮም ብሐይሊ እተጠረዙ ከም እተኣስሩን እተሳቐዩን ምስ ማንም ክራኸብሉ ናብ ዘይክእልሉ ኣብያተ ማእሰርቲ ከም እተላእኩን ዝሕብር ሓደ ካብቶም ትሽዓተ መእተዊ ዓንቀጻት ከንብብ እንከለኹ፣ ሃገረይ ከም ቀንዲ ኣርእስቲ ስለ እትጥቀስ፣ ሕማቕ ከም ዝስማዓኒ ክሓብእ ኣይደልን። ኣብ ማልታ ዑቕባ ዝሓተቱ ኤርትራውያን ምስተጠረዙ፣ ንመንግስቲ ብዓዉታ ካብ ዝኾነኑ ሐደ ነይረ። ይኹን ደኣ'ምበር፣ ኣብ ስትራስቦርግ ከምዚ ዓይነት መጥቃዕቲ ኣይከጋጥመንን'ዩ ዝብል ተስፋ ኣለኒ። ብመሰረቱ ኣብ ባይቶ ኣውሮጳ፣ ከምዚ ዝዓይነት መዋጥር ከጋጥመኒ ፈለማይ ኢዩ ነይሩ። ብሐደ ወገን እቲ ኤርትራውያን ንምጥራዝ ብመንግስቲ ማልታ እተወስደ ስጉምቲ ባርባራዊ ምንባሩ እፈልጥ። ይኹን'ምበር፣ ምስሊ ማልታ ብቐጻሊ ከበላሹ ድሌት የብለይን። ኩሉ ነቲ ሐቂ ይፈልጦ'ዩ። ፍርቂ ለይቲ ሐደ ሓይሊ ዝኾኑ ፖሊስ፣ ነቶም ብፍርሒ እተዋሕጡ ኤርትራውያን ካብ መደቀሲኦም ኣተንሲኦም፣ ኣብ ናይ ፖሊስ ኣዉቶቡሳት ብምጽዓን ናብተን ዝጽበያ ዝነበራ ነፈርቲ ኣሳፊሮሞም።

ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ኣብ ሓለዋ ኣባላት ፖሊስን ወተሃደራትን ስለዝኣተወ፡ ምቅዋም ዝከኣል ኣይነበረን። ጉዕዞኦም ናበይ ምዃኑ ከይፈለጡ፡ ነፍስ ወከፎም ናብ ገሃነም የምርሑ ነይሮም። ንኣውሮጳዊ ሕብረት ዘረባ ከስምዕ ክዳሎ ከለኹ፡ ሰለስተ ጉዳያት ኣስተውዒለ። ቀዳማይ፡ እቲ ብመንግስቲ ማልታ እተወስደ ስጉምቲ ብሕጋዊ መንገዲ ቅኑዕ ምንባሩ፡ ብሞራላዊ ስነ ምግባር ግን ምጥራዝ ናይዞም ኤርትራውያን ጌጋ ምንባሩ እዩ። ካልኣይ፡ ኣብ መንጎ እቶም ዑቕበኛታት ዘቕርብዎ ኣቤቱታን እቲ ሕግን ዘሎ መትከላዊ ዝምድና እዩ። ከም ሳልሳይ ነጥቢ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት ማልታ ጥዑይ ሰብ እዩ። እዚ እንተድኣ ኮይኑ እቲ ሐቂ፡ እቲ ጸገም ደኣ እንታይ'ዩ? ኢለ ንነፍሰይ እሐትት። ኝኽዛረብ ተራይ ምስ በጽሐ፡ ስምዒታዊ ብዝኾነ መረዳእታ፡ ኣብ ሃገረይ ንእተረኽበ ፍጻመ ብምግላጽ ጥራይ ዕግበት ከምዘይረክብ እፈልጥ ነይረ። ንሐቂ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከየእተኹ፡ ኣብ ክውንነት ብምሙርካስ፡ ኣብቲ ሰብኣዊ መሰል ብናህሪ ዘንቆልቁለሉ ዘሎ ኩነታት ኤርትራ ከተኩር እየ። ደጋጊመ ክብሎ ዝደሊ፡ ኣውሮጳዊ ሕብረት መሰረታውያን ናጽነታት ዋላዉን እቶም ኣዝዮም መሰረታውያን ዝኾኑ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር ኣብ ርእሲ ዘይርድኦም ስርዓታት ተሪር ስጉምቲ ክወስድ ኣለዎ። ከም ሳዕቤን፡ ባይቶ ኣውሮጳ ንኤርትራ ኮኒንዋ ኣሎ። ሕጂኸ እንታይ ይገበር? ብውሕዱ ኣብዚ እዋን ኤርትራውያን ምስጓግ ዘይሕጋዊ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ሂወተይ ምሉእ ንመጀመርያ ግዜ ማልታዊ ምዃነይ ሓፊረ። ዋላካ ምስቶም በሽሕት ዝቁጸሩ ካብ ዲክታቶርነት መንግስቶም ዘምልጡ ዘለዉ ክወዳደር እንከሎ ካብ ባሕሪ ብጭልፋ እኳ እንተኾነ፡ ነዞም ካብ ማልታ እተሰጉ ሰብኡትን ኣንስትን ንቴክኒካዊ ጸገማት ሓሊፍና ኣድሒናዮም ኔርና እንተኝኸውን ሐበን ምተሰመዓና። ምናልባት ምስ ግዜ ስንባደኦም ይሃስስ ይኸውን። ይኹን ደኣምበር፡ ርግጸኛ ኮይነ ዝዛረበሉ፡ ሱቕታና ንመቓልሕ ድምጾም ከዛይዶ እዩ።” ኢሉ

ዶር. ኣታርድ ሞንታልቶ
ኣባል ባይቶ ኤውሮጳን ኣብ ኣውሮጳዊ ሕብረት ኣባል ኮሚቴ ሰብኣዊ መሰልን እዩ።

## 5. ኣብ ኤርትራ ሕጻናት ብጉድለት መኣዛዊ መግቢ ከምዝሳቐዩ ተገሊጹ

16% ካብ ሕጻናት ኤርትራ፡ ብሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ከምዚሳቐዩ ብደረጃ ኣፍሪቃ እቲ ዝለዓለ ኣሃዝ ምዃኑን፡ ዝሐለፈ ሰሉስ 14 ታሕሳስ 2004፡ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ሕጻናት ዝከታተል ትካል (ዩኒሰፍ) ኣብ ኣስመራ መግለጺ ከምዘውጸአ፡ ኤ.ኤፍ.ፒ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሐቢሩ።

ኣብ ኤርትራ ናይ ዩኒሰፍ ወኪል ሚስተር ክርስትያን ባልስቭኦሊሰን፡ ብዛዕባ ኩነታት ሕጻናት ዓለም ኣብ ዝዝቲ ዋዕላ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ኣብ ኤርትራ፡ ብደረጃ  ኣፍሪቃ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ከምዝስራዕ ገሊጹ። “ንዓና ዘድልየና ዝናምን ናይ መግቢ ረዲኤትን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሕርሻን ኣመጋግባን ለውጢ ክተኣታቶ ኣለዎ” ክብል ንምጉዳል ሕጽረት መኣዛዊ መግቢ ህጻናት ዝግበር ጻዕሪ እተሓላለኸ ምዃኑ ኣብሪሁ። “ብመሰረት ስታቲስቲካዊ ጸብጻባት መንግስቲ፡ ካብ ኣርባዕተ ሚልዮን ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዝሒ ትሕቲ 14 ዝዕድሚኦም ሕጻናት ክልተ ሚልዮን ይበጽሕ። ዳርጋ 10% ካብ ሕጻናት ኤርትራ ዘኽታማት ክኾኑ እንከለዉ፡ እቶም ዝበዝሑ ብሰንኪ ኲናት ዝዘኽተሙ እዮም። ብደረጃ ኣፍሪቃ መጠን ዝኽትምና ኣብ ኤርትራ ዝለዓለ'ዩ” ክብል ሚስተር ክርስትያን ገሊጹ። “ኣብ ኣመንዝራነት እተዋፈሩ ትሕቲ ዕድመ ቆልዑ ቁጽረን እናወሰኸ ይኸይድ ምህላውን፡ ዋላኳ ነዘን ትሕቲ ዕድመ ካብ ጎደናታት ንምእላየን እንተተፈተነ፡ ብሰንኪ ድኽነትን ናይ ድሕሪ ኲናት ሳዕቤናትን፡ እቲ ቁጽሪ ይውሰኽ ኣሎ” ክብል ሚስተር ክርስትያን ወሲኹ ገሊጹ። ብመሰረት ጸብጻብ ዩኒስፍ፡ ኣብ ኣመንዝራነት ካብ እተዋፈራ ሐፈሻዊ ቁጽሪ ደቂ ኣንስትዮ፡ 5% ትሕቲ 18 ዝዕድሜን ምዃነን ተፈሊጡ ኣሎ።

ኲናት እንተዘየጋጢሙ፡ ናይ ሕጻናት ጥዕና ንምሕላው ዝዓለመ ስጉምቲ መንግስቲ ኤርትራ፡ ቅኑዕ መስመር ዝሐዘ ምዃኑን፡ ኣብ ኤርትራ ዕዉት ዝኾነ ውሕስነት ዘለዎ ጎስጓስ ከምዝካየድን ሚስተር

ክርስትያን ገሊጹ። ትምህርቲ ንኹሉ ዝብል ኣምር፣ ኣብ ኤርትራ ንምትግባሩ ሓያል ብድሆ ከምዘሎን፣ እቲ ዝለዓለ ጸገም ሕጽረት መማህራን ምዃኑ፣ ሚስተር ክርስትያን ሐቢሩ።

ኣብ ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንጉዳይ ሕጻናት ዝርኢ ዩኒስፍ፣ ኣብ 2004 ዓ.ም ናይ 13 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ሓቲቱ ኣሎ። እዚ ናይ ሕጂ ጠለብ ምስቲ ናይ 2003 ተመሳሳሊ እዩ። ኣብ 2003 ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፣ 160 ሚልዮን ዶላር ጠለብ ኣቕሪበን። ካብዚ 78% ናይቲ ገንዘብ ከም እተዋህበን፣ ኣብ ቀጻሊ ግን ለገስቲ ቅድመ ኩነት ከቕርቡ ስለዝኽእሉ ሓገዝ ንምርካብ ኣጸጋሚ ከምዝኾውን ሓደ ስሙ ክግለጽ ዘይደለየ ዲፕሎማት ሓቢሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዜና፣ 17 ታሕሳስ 2004 ኣብ መርበብ ሓበሬታ ሻዕብያ ኣብ ዝወጸ ጽሑፍ፣ ሚኒስተር ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱ "ዘይሙኹኑይ፣ ዝምቡዕን እተጋነነን" ክብል ነቲ ብወኪል ዩኒሰፍ ኣብ ኤርትራ ሚስተር ክርስትያን ባልሰልቭኦሊሶን ዝቐረበ ጸብጻብ ኣቋናጺብዎ። ንሱ "ሕማቕ ኣጋጣሚ ኰይኑ፣ ሚስተር ክርስትያን ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓቂ ክጥምዝዝ ፋልማዩ ኣይኰነን። እንታይ ረብሓ ከምዘለዎ ክፈልጥ ኣይክእልን። ብዛዕባ ኤርትራ ንድሕነት ህጻናታ፣ ኣብ ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ዝኽትምና፣ ኣመንዝራነትን ካልእ ማሕበራዊ ጉዳያትን ዝገበረቶ ጻዕርን ሚስተር ክርስቲያን ንኤ.ኤፍ.ፒ ዝሃቦ ሐበሬታን እቲ ሓቅን ነንበይኑ እዩ" ኢሉ። ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ሓላፊ ማሕበራዊ ጉዳያት ዝኾነ ኣቶ ሃብቶም ስዩም "እቲ ብኤ.ኤፍ.ፒ እተዘርገሐ ዜና ውድዓዉነት ዘይብሉን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሓቂ ዘየንጸባርቕን እዩ" ክብል ተሰሚዑ።